# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.109 ሰንበት 5 ጥሪ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ስለምንታይ ጂኦግራፊ . . .




ገጽ 3
ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2025

ገጽ 5
መዓስ ኢና እነመስግን?




ገጽ 6
ዝናር ጥበባት ማእከል ብምኽንያት . . .



ገጽ 11
ክለብ ደሴት - እታ ብናይ ገዛእ ርእሳ . . .



## ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ ተኸፊቱ





ስእሊ. ሳልሕ ዓብደልቃድር

ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ 2025፡ “ኣህጉራውን ዞባውን ምትሕግጋዝ ንዘላቒ ልምዓት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ቀዳም 4 ጥሪ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተኸፊቱ።

ኣብ’ቲ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ካልኦት ዲፕሎማስኛታትን፡ ሓለፍቲ ኣካላት ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ክኢላታት፡ ከምኡ’ውን ሞያውያንን ካልኦት ዕድመ ዝተገበረሎምን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣደ-መንበር ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ 2025 ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ቀንዲ መሰረት ምዕባለ ሃገራት ኣብ ትምህርትን መጽናዕትን ኣብ ዝሰርሑ ወፍሪ ከምዝምርኰሱ፡ እዚ ዋዕላ’ዚ ድማ፡ ኣገዳስነት መጽናዕቲ ብምግንዛብ ዝያዳ ንምስፍሑን ንምምዕባሉን፡ ከምኡ’ውን ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራን ተራኣ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ንምጉላሕ ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢራ።

ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገረመስቀል ብወገኑ፡ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ 2025፡ በዚ ሎሚ ዓመት ተሓርዩም ቀሪቡ ዘሎ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ኣብሉ፡ ኑቲ ብዝተፈላለየ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዓለም ንኣስታት 20 ዓመታት ክዕባ'ቶ ኣንጻር ኤርትራ ዝተኻየደ ኣሉታዊ ዘመተ ንምእራምን ቅኑዕ ኣንፈት ንምትሓዝን ኣበርክቶ ከምዘህልዎ ኣረዲኡ።

ኣብ’ዚ ክሳብ 6 ጥሪ ዝቕጽል ዋዕላ፡ ኣብ ተፈጥሮኣውን ማሕበራውን ስነፍልጠት፣ ሕርሻን ባሕራዊ ጸጋታትን፣ ስነጥንትን ሃገራዊ ውርሻን፣ ዕድላትን ብድሆታትን ዲያስፖራ፣ ቁጠባን ምዕባለን፣ ኣከባብን ክሊማዊ ለውጥን፣ ቋንቋን ስነቋንቋን፣ ሕጊ፣ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን፣ ፖለቲካን ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን፣ ስነፍልጠትን ቴክኖሎጅን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ኣፋዊ ግጥምን ስነመዚቃን ዝርከብዎም 154 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ክቐርቡ እዮም።

ኣስታት 70 ሚእታዊት ናይ’ቶም ድሮ ዝቐርቡ ዘለዉ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ብዝነብሩ ኤርትራውያን ሞያውያንን ክኢላታትን ዝተዳለው እዮ።

ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ 2025፡ ሓፈሻዊ ኣኼባታት፡ ጉጅለኣዊ ዘተ፡ ሓብራዊ ዘተ፡ ዓውደ-መጽናዕታት፡ ሰምፖዝዩማት፡ ስእላዊ ምርኢት፡ ንዘይዳበየን ረቂቕን ባህላዊ ውርሻታት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ባህላዊ ምርኢትን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ካብ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ፈደረሽን ሩስያ፡ ሃንጋሪ፡ ህንዲ፡ ግብጺ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማልያ፡ ኩባ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳን ካልኦትን ዝመጹ ምሁራት፡ ክኢላታትን ተመራመርትን ይሳተፍዎ ኣለው።

ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣብ ዘሕለፈቶ ሓበሬታ፡ ብርክት ዝበሉ ምሁራትን ክኢላታትን ብዛዕባ ኤርትራ ዘተኩረ መጽናዕታት ንምክያድ ዘለዎም ድሌትን ተበግሶን እናዓበየ ብምምጻኡ፡ ምውዳብ ናይ’ቲ ዋዕላ እዋናውን ኣገዳስን ከምዝኾነ ጠቒሳ፡ ዝቐርቡ ሓሳባት፡ ኣረኣእያታትን ኣበርክቶታትን ብጽፉት ክዝርበሉ ምዃኑ ኣረዲኣ።

## ሃ/ማ/ሓ/ስ/ኩ/ኤ፡ ገንዘባዊ ሓገዝ ረኺቡ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ፡ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝነብሩ ዜጋታት ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዝ ረኺቡ።

ብ2 ጥሪ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ማሕበር ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርካብ ስነስርዓት፡ ኣባላት ማሕበር ኤራ-ሓበን 132,000 ናቕፋ፡ ከምኡ’ውን ኣባላት ኤራ-291 ዝተፈላለዩ ኣልባሳት፡ ካሜራ ቪድዮን 8 ሽሕ ናቕፋን ኣበርኪቶም።

ኑቲ ሓገዝ ሒዞም ዝመጹ ዜጋታት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ብሓፈሻ ንኣሸቱ ወለዶታት ድማ ብፍላይ፡ ስለ ናጽነትን ልኡላውነትን ንዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ማስዋእትን ስንክልናን ብምግንዛብ ዝገበርዎ ዘለዉ ሓገዝ ዘሐብን ምዃኑ ገሊጾም።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ግዱሳት ኤርትራውያን ነበርቲ እስራኤል 30,735 ናቕፋ፡ መንእሰያት መሪኽብን ከባቢኦን - ጀርመን 32,100 ናቕፋ፡ ከምኡ’ውን ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ እስራኤል ዝተላእከ 836,100 ናቕፋ ሓገዝ ከምእተረኽበ ስዩምቲ’ቲ ቤት-ጽሕፈት የጽር።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ሓላፊ ቁጠባዊ ዕቤት ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃይለ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ሓገዝ ምስ’ቲ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝግበር ቀጻሊ ደገፍ ተደሚሩ፡ ጸገማት ኣባላት ኣብ ምቕላል ኣስተዋጽኦ ከምዝገብር ብምጥቃስ፡ ብስም ማሕበር ምስጋና ኣቕሪቡ።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ስለምንታይ ጂኦግራፊ ክንምሃር የድልየና






ጂኦግራፊ፡ ኣብ ፕላኔትና ንዝርከብ መሬት፡ ሰፋሮኣ፡ ኣብኣ ዝርአ ክስተታትን ባህርን ዘጽንዕ ዓውዲ እዩ። ኣብ መሬት፡ ተፈጥሮኣዊ ምስቅልቃላን ደቂ-ሰብን ዘለና መረዳእታ ዘዕቢ ዓውዲ እዩ። ጂኦግራፊ ኣብ መሬትን ጠፈራን ዘሎ ግዝዓት ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ግዝዓት ከመይ ኢሉ ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃን ቅርጽን በጺሑ የጽንዕ። ዋላ ደኣ ጂኦግራፊ፡ ንፕላኔት መሬት ዘጽንዕ ምዃኑ ይገለጽ እምበር፡ በቲ ኣብ መሬት ዝተረኽበ ፍልጠት፡ ንብዙሕ ፈጠራዊ ግዝዓትን መስርሓቱን፡ ከምኡ'ውን ንስነ-ፍልጠት ፕላኔታት ንምጽናዕ'ውን ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ ኣለዎ። ከምቲ ኩሉ ግዜ ንጂኦግራፊ ዝወሃብ መግለጺ እምበኣር፡ 'ጂኦግራፊ ንተፈጥሮኣውን ማሕበራውን ስነ-ፍልጠት ዘራኽብ ዓውዲ እዩ።' ኣጠቓልል ኣቢልካ እንክርአ፡ ኣብ ጂኦግራፊ እንረኽቦ ኣምራት፡ ንጠፈር፡ ቦታ ወይ ሰፍራ፡ ግዜን ዓቐንን የጠቓልል።

ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ንገለ ንኣምራት ጂኦግራፊ ከይተጠቐምና ክንከይድ ኣይከኣልን። ካብታ እንቕመጠላ ገዛ፡ ካንሸሎ፡ ገዛውቲ፡ ዓዲ፡ ... ጀሚርና እናዓበየ ምስ ዝኸይድ ሰፍሓት፡ ኣገዳስነት ጂኦግራፊ ኣብ ህይወትና እናዓበየ ይኸይድ። ኣብ ቤት ትምህርትና ንዓውደ-ትምህርቲ ጂኦግራፊ እንህቦ ኣቓልቦ መዓረ ክንደይ እዩ? ብጂኦግራፊ መዓረ ክንደይ ኢና ምሱጣት? ስለምንታይ'ዩ'ኸ ጂኦግራፊ ክንመሃር ዝድለ? ጂኦግራፊ፡ ዝያዳ ናባና ዝቐረበን ኣገዳስን ዓውደ-ትምህርቲ እዩ። እዚ ዝስዕብ፡ ንኣገዳስነት ጂኦግራፊ ብቐልል ዝበለ ዝገልጽ ነጥብታት፡ ማክዳ ትንሱእ ዘለኣኸትልና እዩ። ንስኹም ከ ስለምንታይ ኢኹም ጂኦግራፊ ትመሃሩ?

# ሰባት ብኸመይ ይጥምቱና ይህልዉ ኩሉ ግዜ የሕስበና እዩ። ብዝወሓደ ሸነኹ፡ ኣብ ቅድሚ ሰባት ኣገደስትን ድሓን መረዳእታ ዘለናን ሰብ ኴንና ክንቀርብ ንደሊ ኢና። 'ታይዋን' ክንብል ዝሓሰብናዮ 'ታይላንድ'፣ 'ኮንጎ' ክንብል 'ቶጎ'፣ 'ቶኾምብያ' ክንብል 'ቶኮር' ክንብል ከለና ኸ? ሰባት እንታይ ይብሉና? ናይ ጂኦግራፊ መባእታዊ ፍልጠት ካብ ከምዚ ዝበለ ሕፍረት የድሕነ። ጂኦግራፊ ኣብ ቅድሚ ሰብ በሊሕን ፈላጥን ኴንካ ክትቀርብ ዘይኮነ፡ ናይ ብሓቂ ፈላጥ፡ በሊሕን ቀሊጢፉ ናይ ምቕላብ ዓቕሚ ዘለዎን ሰብ ይገብረካ።

# መባእታዊ ፍልጠት ጂኦግራፊ እንተ ዘይብልካ፡ ነቲ መዓልታዊ እትሰምዖ ዜናታት ሃገርካን ዓለምን ከመይ ኢልካ ክትርድኦ ኢኻ? መባእታዊ ኣፍልጦ ጂኦግራፊ ክህልወካ እንከሎ ግን ነቲ ዜና ኣብ ዝተዛመደ ኩነታት፡ ኣከባብን ግዜን ብምስኳዕ ብቐሊሉ ክትርድኦ ይሕግዘ። ንኣብነት፡ ሆንግኮንግ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ቻይና እትርከብ ከተማ ምዃና ምፍላጥ፡ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዘለዎ ፖለቲካዊ ክርክራት፡ መበገሲኡን ዕላማኡን ክትርዳእ የኽእል። ሊባን፡ ካብ ኣስመራ ንምዕራብ 40 ኪሎሜተር ዘይበጽሕ ፍልልይ፡ ብመገዲ ማይነፍሒ፡ ሕብርቲ ሓሊፍካ እትርከብ ዓዲ ምዃና እናፈለጥካ፡ ኣካል ዞባ ጋሽ ባርካ ገይሩ ዝገልጽ ዜና እቲ ኸባቢ ኣብ ድምጺ-ሓፋሽ ምስ ሰማዕካ ከመይ ኢልካ ከተዛምዶ ኢኻ?

# ጂኦግራፍ፡ ንእዋናዊ ፍጻመታት ኣብ ሓደ ዝተተሓሓዘ ዝምድና ወይ ኣጠማምታ ከተቐምጦ ይሕግዝ እዩ። ብእኡ ኣቢሉ ኸኣ ታሪኽ ብግቡእ ክንርዳእ የኽእል። ንኣብነት፡ ኣብ 30 ዓመት ብረታዊ ቃልስና፡ ህዝባዊ ሰራዊት ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ከጥቅዕ እንከሎ ዝጓዓዘሉ ዝነበረ መስመር፡ ምስቲ ማእከላይ ቦታ ሳሕል ዘራኽቦ ዝነበረ መስመራት ክትርዳእ እንተ ክኢልካ፡ ታሪኽ ብቐሊሉ ንኽትርዳእ ይሕግዝ። ጂኦግራፊ ምስቲ ጩቡጥ ቀርጺ ብምትሕሓዝ ክትርድኦ ስለ ዘኽእል ታሪኻዊ ፍልጠትካ ብቐሊሉ ክሰርጽ ይሕግዝ። ኣብቲ ዘሰዓበ ናይ መኸተ ንሉኡላውነት'ውን እንተ ኼንካ፡ ቡሬ ከይፈለጥካ፡ ዓዲበጊዖ ከይፈለጥካ፡ ነቲ ኣብቲ ግንባር ዝተኻየደ ጅግንነታዊ ርብርብ ምኽንያቱ ክርድኣካ ኣይክእልን። ኣብ ታሪኽ ዓለም'ውን ኣገዳስነትን ኣቀማምጣን መትረብ እንግሊዝን ሓጋይ ሩስያን ከይፈለጥካ፡ ንኻልኣይ ኲናት ዓለም ክትርድኦ የጸግም። ስለዚ፡ ጂኦግራፊ ንታሪኽ ዓለም ቀርጺ ዘትሕዝ ዓውደ-ትምህርቲ እዩ።

# ኣብ ትቕመጠሉ ኣከባቢ፡ ዓዲ ወይ ከተማ፡ ኣንፈትካ ስሒትካ ጠፊእካ ትፈልጥ ዶ? ብዙሕ እዋን የጋጥም እዩ። ኣንፈትካ ኣነጺርካ ክትፈልጥ፡ ናይ ጉዕዞኻ እንፈት ክትርዳእ፡ ዝሓሸን ዝቐለለ መገዲ ክትጥቀም፡ ወዘተ መሰረታዊ መረዳእታ ጂኦግራፊ የድልየካ። ንኸባቢኻ፡ ዓድኻ ወይ ከተማኻ ቅርጻን ኣንፈታን ክትፈልጥ እንከለኻ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ ኣምራት ጂኦግራፊ ኣብ ግብሪ ትጥቀመሉ ኣለኻ ማለት'ዩ።

# ብዘይ ጂኦግራፊ፡ ኣብ ጉዕዞኻ ክትረኽቦ ዝግብኣ ዝበለጸ ተመኩሮ ክትከስሮ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ካብ ኣስመራ ናብ ባጽዕ ክትከይድ ደሊኻ ኣለኻ። 1ይ መስመር፡ ኣስመራ - ደቀምሓረ - ነፋሲት - ጊንዳዕ - ጋሕቴላይ፣ 2ይ መስመር፡ ኣስመራ - ፍልፍል ሰለሞና - ጋሕቴላይ፣ 3ይ መስመር፡ ኣስመራ - ዓርቦረቡዕ - ነፋሲት - ጊንዳዕ - ጋሕቴላይ ጌርካ ባጽዕ ትኸይድ። ኣብዚ ሰለስተ መስመራት እትረኽቦ ተመኩሮ፡ ፍልጠት ወይ ምስትምቓር ዝተፈላለየ እዩ። ኣየናይ መስመር? ስለምንታይከ? ክትፈልጥ መሰረታዊ መረዳእታ ጂኦግራፊ የድልየካ። ካብ ጉዕዞኻ እትረብሖ ተመኩሮታት፡ ኣብ ጂኦግራፊ ብዘለካ መረዳእታ ይጽሎ።

# እዛ እትነብረላ ዘለኻ ገዛ ስለምንታይ'ያ ኣብታ ዘላታ ተሰሪሓ? ስለምንታይ ህዝቢ ኣብ ሓደ ውሱን ኣከባቢ ተኣኪቡ ይነብር ኣሎ? ታሪኽ ናይቲ እትቕመጠሉ ዘለኻ ዓዲ ወይ ከተማ እንታይ'ዩ? ስለምንታይ ከ ኣብኡ ተደኲኑ? ጂኦግራፊኸ ነቲ እትቕመጠሉ ኣከባቢ ብምንታይ ይጸልዎ? ዝብልን ካልእን ሕቶታት፡ ንገዛኻ፡ ከባቢኻን ዓድኻን ክትርዳእ ይሕግዝ።

# "ዓለም ጸባብ'ያ፡" "ዓለም ናብ ቀሸት ተቐይራ፡" ዝብል መግለጺ ካብ ዝስማዕ ውሑድ ኣይገበረን። ዓለም ንእሽተይን ጸባብ ዘይምዃና ኸኣ ኣጥዒኻ ትፈልጥ ኢኻ። ካብ ቤት ትምህርትኻ ክሳብ ሳዋ እትበጽሕ'ኳ ኣብ ውሽጢ ሃገርካ ልዕሊ ሽዱሽተ ሰዓታት ይወስደልካ። ዓለም ከም ቀደማ ዓባይ እያ ዘላ። እቲ ነዚ መግለጺታት ዝደረኾን ኣብ ታሪኽ ዓለም ዓቢ ቦታ ሒዙ ዘሎን ግን ዓውለማ እዩ። ዓውለማ፡ ዓለም ዝያዳ ዝተወሳሰበት ገይሩዋ ኣሎ። እዚ ውስብስብ ክትርዳእ ከኣ ናይ ጂኦግራፊ መሰረታዊ መረዳእታ ምህላዉ የገድስ።

# ባህሊ ደቂ-ሰብ፡ ኣብ ከባቢ ዝተሰረተ እዩ። እቲ ሰባት ዝጠቀምሉ፡ ዝኽደንዎ፡ ቅዲ ህንጻ፡ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ዝምድናታቶም ከይተረፈ፡ ብኣከባቢ ይውሰን ወይ ይጽሎ። ነፍሲወከፍ መዳይ ናይ ባህሊ ደቂ-ሰብ እምበኣር ብጂኦግራፊ ይጽሎ። ጂኦግራፊ፡ ንብዙሕነት ባህሊ ህዝቢ ዓለም ክትርዳእ'ውን የኽእል። ሰባት ናይ ውሱን ከባቢ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ፡ ብዛዕባ መሬቶም ወይ ናይቲ ንሳቶም ዘመሓድርዎን ዝነብርሉን ከባቢ ንእሽቶ ኣፍልጦ ክህልወካ የድሊ። እዚ ኸኣ ብዘይ መሰረታዊ መረዳእታ ጂኦግራፊ ክትበጽሖ ኣይከኣልን።

# ጂኦግራፊ፡ ኣመት መጻኢ'ውን ዝህብ ዓውዲ እዩ፣ ካብ ቅዲ ህንጻ፡ ፖለቲካ፡ ንግድን ካልእን ዝውከል ናይ ሎሚ ናይዛ ዓለም ገልጠምጠም፡ ኣብ ታሪኽ ጽባሕ ዝጸሓፍ እዩ። ንመጻኢ ዝወሃብ ትንተናታትን ኣመታትን ኣብ ጂኦግራፍ ከይተመርኰሰ ኣይኮነሉን። ስለዚ፡ ብውሑዱ ጂኦግራፍ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ክፍሊ ዘይክእል ዓውደ-ትምህርቲ እዩ። ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ ካብ ከባቢና ብዙሕ ንምሃር ኢና። እቲ ኣብ ቤት ትምህርትና እንምሃሮ ኣምራት፡ ምስቲ መዓልታዊ እነዘውትሮ ምንቅስቓሳትና ብምዝማድ፡ ነባሪ ፍልጠት ክንቀስም ንኽእል ኢና።

መወከሲ፤ Reasons to study geography _ Brainscape Academy

ማክዳ ትንሱእ

### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

### ዳእላ ተመሃሮ

America Teacher: "what's the further away, America or the Moon?"

Student: "America!"

Teacher: "America? Whatever gave you that idea?"

Student: "Simple, We can always see the moon from the Eritrea, but not America!"

ሜሪ ማና

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ክልተ ደረት ኣልቦ ነገራት እዮም ዘለዉ፣ ቅጅለትን ድንቍርናን ወዲ ሰብ። እቲ ካልኣይ ግን ርግጸኛ ኣይኮንኩን።"

- Albert Eintein

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ሪፖርታዥ

# ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2025

የሴፍ ሃይለማርያም
ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቃድር

ሆቴል ኣስመራ ፓላስ፡ ኣብ'ዚ ቅንያት ሓዲሽ ዓመትን በዓል ልደትን፡ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ሰፊሕ ምድላዋት ዝተገበረሉ፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ዝመጽኡ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ምሁራት፡ ክኢላታትን ሞያውያንን ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ጸዕርምን ግዜኦምን ዘሕሰሱሉ ሓደ ዓቢ መድብ'ዩ ኣኣንጊዱ - ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2025!

ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ 2016'ኳ እንተጀመረ፡ ብድሕሪኡ ግን ብሰንኪ ኮቪድ-19ን ካልእ ረቛሒታትን ኣይተኻየደን። ሕጂ ግን ሳላ ሓያል ጻዕርን ድሌትን መንግስቲ ኤርትራ፡ ዘብሩ ጸጋማት ተኣልዮም፡ ንኻልኣይ ግዜኡ ትማሊ 4 ጥሪ 2025 ኣብ ሆቴል



ፕሮፌሰር ግርማ ብጹኣምላኽ

ኣስመራ ፓላስ ንሰለስተ መዓልታት ዝቕጽል መደባት ሰሪዑ፡ ተኸፊቱ ኣሎ። ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ "ኣህጉራውን ዞባውን ምትሕግጋዝ ንዘላቒ ልምዓት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኸፍተ ኣህጉራዊ ዋዕላ፡ ሚኒስተራት፡ ሓለፍቲ ግንባር፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታት፡ ኣህጉራውያን ውድባት፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበረን ትካላት ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ ውሽጢን ደገን ዝመጽኡ ኤርትራውያንን ካብ 20 ሃገራት ዝመጽኡ ወጻእተኛታትን ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽን ይሳተፉ ኣለዉ።

እቲ ኣህጉራዊ ዋዕላ ሰዓት 8:30 ቅ.ቐ ብዘኸረ ሰማእታት'ዩ ጀሚሩ። ብጹሓፊ ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ 2025 ዶ/ር ተማስገን ተስፋማርያም፡ ንኹሎም ተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ሓጺር መልእኽቲ ምስ ተሰምዐ፡ ብህጻናት መዝሙር ቀሪቡ። ቀጺሉ፡ ኣደ-መንበር ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕቲታት ኤርትራ 2025፡ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ኑቲ ኢጋጥሚ ዝምልከት ቃል ኣሰሚዓ። ዶ/ር ሓሊማ፡ ብስም ኣወሃሃዲት ኮሚቴን ኣቕሪባቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕትን ኣብ ዘሰምዓቶ



ፕሮፌሰር ሰሎሙን ተስፋማርያም

ቃል፡ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ 2025፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ 2016 ዝቐረበ ሓያሎ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ዝቐረበሉ ዋዕላ ምዃኑ ጠቒሳ፡ ቀንዲ ዕላማኡ፡ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝርከቡ ኤርትራውያንን ካልኦትን ምሁራትን፡ ንኤርትራ ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት ኣተኩሮ ገይሮም፡ ንላድሕዶም ብናጻ ኢሂን-ምሂን ዝበሃሃልሉን ሓዲሽ መረዳእታ ዝረኽብሉን ኣካዳሚያዊ መድረኽ ምፍጣር ምዃኑ ገሊጹ። በዚ መንፈስ ድማ መጽናዕትን



ኣምበሳደር ሊ ሺያንግ

ምርምርን ምትኽባዕ ናይ ምትሕግጋዝን ኔትዎርክን ፎርም ውዲብኩ፡ ኑቶም ብዛዕባ ኤርትራ ዝግበሩ መጽናዕትታት ኣብ ዓለማዊ መደረኻት ተፈላጥነት ከምዝረኽቡን ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራን ተራኣ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ከም ዝጉልሕ ንምግባር ምዃኑ ሓቢራ። እዚ ኣህጉራዊ ዋዕላ ድማ፡ ካብ'ቲ ኣብ 2016 ዝተኻየደ ዋዕላ ተመኩሮ ወሲዱ፡ ንመጽናዕትታት ኤርትራ ንቕድሚት ክድርኽ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ዶ/ር ሓሊማ ኣስዒባ፡ ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ኣስታት 300 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ከምዝቐረቡ ጠቒሳ፡ ካብኣቶም እቶም 154 ወረቓቕቲ



ጥራይ ተመሪጾም፡ ኣብ 19 ጉጅለታት ተመቓቒሎም ንተሳተፍቲ ክቐርቡ ተገይሩ ከምዝሎ ኣረዲኣ። ንሱ "ማሰረት ናይ ኩሉ'ቲ ንምዕባለ ዝግበር ጻዕሪ ኣብ ምርምርን ትምህርቲን ብዝግበር ወፍሪ ስለ ዝምርኮሱ፡ ዝማዕበላን ኣብ ምምዕባል ዝርከባን ሃገራት፡ ኣብ'ዚ መዳይ ኣተኵረን ሓያል ጻዕሪን ቢጀትን'የን ዝሰልዓ። ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ ድማ፡ ብመጠኑ ዝ ሓቂ'ዚ ዘንጸባርቕ ስለ ዝኾነ፡ ምርምራት ክካየድ ዘተባብዕ፡ ኣካዳሚያዊ ምልውዋጥን ምሕያል ምትሕብባርን ክህሉ ዝዝቡር፡ ብዛዕባ ኤርትራ ሓቀኛ መረዳእታ ንምርካብ ዘኽእል፡ ተራ ኤርትራ ኣብ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ዘንጸባርቕ፡ ኤርትራ ብመገዲ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ምዕዋት ዓለማዊ ዘላቒ ምዕባለ እትገብሮ ዘላ ኣበርክቶ ዘጉልሕ ክኸውን ትጽበ ይግበር" ክትብል ሓቢራ።

ብድሕሪ'ዚ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል'ዩ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ። ሚኒስተር የማነ፡ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ 2025፡ በዝም ሎሚ ዓመት ተሓርዩም ቀሪቦም ዘለዉ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ኣብሉ፡ ኑቲ ብዘተፈላለያ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዓለም ንኣስታት 20 ዓመታት ከየባተኸ

ኣንጻር ኤርትራ ዝተኻየደ ኣሉታዊ ዘመተ ንምእራምን ቅኑዕ ኣንፈት ንምትሓዝን ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ኣረዲኡ።

ቀጺሉ፡ መደብ ምቕራብ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ'ዩ ጀሚሩ። ብመሰረት'ቲ ዝወጽአ መደብ፡ ኣብ ተፈጥሮኣውን ማሕበራውን ስነፍልጠት፡ ሕርሻን ባሕራዊ ጸጋታትን፡ ስነጥንትን ሃገራዊ ውርሻን፡ ዕድላትን ብድሆታትን ዲያስፖራ፡ ቁጠባን ምዕባለን፡ ኣከባብን ክሊማዊ ለውጥን፡ ቋንቋን ስነ ቋንቋን፡ ሕጊ፡ ሕክምናን ስነፍልጠት ጥዕናን፡ ፖለቲካን ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን፡ ስነፍልጠትን ቴክኖሎጂን ከምኡ'ውን ኣብ ኣፋዊ ግጥምን ስነ-መዚቃን ዘተኩሩ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ይቐርቡ ኣለዉ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ ንገለ ካብ'ቶም መጽናዕታዊ ወረቐት ዘቕረቡ፡ ወደብቲ ናይ'ቲ ዋዕላን ተሳተፍትን ረኺብና፡ ሓሳቦም ከካፍሉና ተወኪስናዮም ነይርና። ፈለማ ዝተወከስናዮ ዶ/ር ተማስገን ተስፋማርያም'ዩ። ንሱ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ሃብታም ተሞክሮን ዛንታን ዘለዎ ስለዝኾነ፡ እዚ ንዓለም ከማቕሉ እንተኾይኑ፡ ኣህጉራዊ ቅርዓት ክፈጥር ስለዘለዎ፡ እዚ ዋዕላ ክዳሎ ተገይሩ። እዚ ከኣ ኣብ ኤርትራ ምርምርን መጽናዕትን ንኸተዓብን ኣብ ምርምርን መጽናዕቲ ዝጠፉ ኤርትራውያን ከኑ ወጻእተኛታት ተራኺቦም ንኸላልዩን ዕድል ከም ዝኸፍት ኣረዲኡ። ኣብ'ዚ ዋዕላ ከኣ፡ ምስ ኤርትራ ዝተሓሓዙ ኣብ ዞባውን ውሽጣውን ጉዳያት ዘተኩሩ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቦም ስለዘለዉ፡ ንመጻኢ ባይታ ዘጸፍፍ ዕውት ዋዕላ ይእንገድ ከምዝሎ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ሊያንግ፡ "ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ካብ መላእ ዓለም ዝመጽኡ፡ ኤርትራውያንን ካልኦትን ምሁራት ይሳተፉ ስለዘለዉ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። እዞም ኣብ ስነፍልጠትን ቴክኖሎጂን ተሞርኪሶም ዝቐርቡ ዘለዉ ወረቓቕቲ ድማ፡ ብዙሓት ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ምዕባለ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮኑ ዝሕግዙ፡ ኑቲ ኤርትራ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ኣብ ምፍጣር ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት እተካይዶ ዘላ ጻዕርን ኣበርክቶን'ውን ካልኦት ክርድእዎ ዕድል ስለዝፈጥሩ፡ ረብሓኡ ዕዙዝ'ዩ።" ክብል ገሊጹ።

ህንዳዊ ፕሮፌሰር ተጅ ዳሃር ብወገኑ፡ "ብዛዕባ ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ሌላ'ዩ ዘለና። ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ፡ ካብ 1997 ጀሚረ ንሰለስተ ዓመት ከም መምህር ስነጽሑፍ ሰሪሐን ብድሕሪኡ'ውን ኣብ ኮሌጃት ሚሂረን እየ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ሓያሉ ኤርትራ ዘኣንገደቶም ኣህጉራዊ ዋዕላታት ተሳቲፈ ኣለኹ። ሕጂ ከኣ፡ ኤርትራ ከምዚ ዓይነት ዋዕላ ምእንጋዳ ዘሐጉሰኒ'ዩ። ብመገዲ'ዚ ዋዕላ ገይራ ድማ፡ ኑቲ ዘለዋ ሃብታም ታሪኽ፡ ባህልን ካልእ ጸጋታታን ንኻልኦት ሃገራት ከተላልየሉ ተስፋ እገብር" ክብል ገሊጹ።

ካብ ካናዳ ዝመጽአ ዶ/ር ሰሎሞን ተስፋማርያም እውን ሓደ ካብ'ቶም መጽናዕታዊ ወረቐት ዘቕረበ'ዩ። ዶ/ር ሰሎሞን፡ ከተማ ባጽዕ ከመይ ነይራ? ከመይ ኣላ? ከመይ ከ ክትከውን ትኽእል? ኣብ ዝብል ዘቐረቦ ገምጋማዊ መጽናዕቲ፡ ኑቲ ፍሉይን ታሪኻውን ህንጻ ከተማ ባጽዕ ዓቂብኩ፡ ከመይ ገይርካ ኑቲ ዝፈረሰ ህንጻኻ፡ ዘመናዊ ከተማ ትፈጥር ዝብል ብዲጂታላዊ መሳርሒታት ተጠቒሙ'ዩ ኣቕሪቡዎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዋዕላ ንፈለማ ግዜኡ ዝሳተፍ ዘሎ ዶ/ር ሰሎሞን፡ "ኣብ ስነፍልጠትን ቴክኖሎጂን ዝተሞርከሱ ወረቓቕቲ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገር ልዑል ተራ ስለዘለዎም፡ ክንጥቀመሎም ብምዝኽኻር፡ መንእሰያት፡ ንኤርትራ ንምህናጽ፡ ካብ ምንባብን ምምሃርን ንድሕሪት ኣይትበሉ ክብል" ተላቢዩ።

ዶ/ር ሰናይ ወልደኣብ፡ ካብ ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ድማ፡ "ኣብ ውሽጥን ደገን ብዝርከቡ ዜጋታት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ስለ ዝዓለወ፡ ከምዚ ዓይነት ዋዕላ ዝም መጽናዕቲ ዘካይዱ ዘለዉ ወገናት ኣብ ሓደ መድረኽ ኣራኺቡ ብዛዕባ'ቲ ዝገብርዎ ዘለዉ፡ ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጡ ዝሕግዝ'ዩ። ብቐንዱ'ውን እቲ ዝገብርዎ ዘለዉ መጽናዕቲ ንምዕባለ ኤርትራን ተፈላጥነት ኤርትራ ኣብ ዓለምን ንኽበርኽ ዝሕግዝ እዩ። መጽናዕታዊ ምርምር ኣብ ህንጸት ሃገር ዘለዎ ኣበርክቶ ደርኡ ስለ ዘሎ፡ ብቐጻሊ ክካየድ ኣለዎ" ኢሉ።

ዶ/ር ኤደን ታረቀ፡ ሓንቲ ካብ'ቶም መጽናዕታዊ ጽሑፍ ዘቕረቡ'ያ። ብዘይ ምርምር ዝረጋገጽ ምዕባለ ስለዘየለ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ መጽናዕታዊ ምርምር ዘኣንገደሉ ኣህጉራዊ ዋዕላ ምኻያድ፡ ኣብቲ እትካይዶ ዳግመ-ህንጻ ተወሳኺ ሓይሊ ዝህብ ምዃኑ ትሕብር። ብልጫ ናይ'ዞም ዝቐርቡ ዘለዉ ወረቓቕቲ ድማ፡ ብዙሕ ዓውድታት ዝሓቘፉ ስለ ዝኾኑ፡ ምስ ግዜ ዝያዳ ረቒቖምን ሃብቲሞምን፡ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር ክንጥቀመሎም ዕድል ዝፈጥር ከምዝኾኑ ኣረዲኣ። ንዓና ዝምልከት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ፡ ምቕራብ ናትና ቅዲ ኣተሓሳስባ ክህልወና ዝገብር ስለዝኾኑ፡ ኣብ መጻኢ፡ በዓይነቶም ተዳልዩ ክቕሎ ተላቢያ።

ካብ ካናዳ ዝመጽኤ ፕሮፌሰር ግርማ ብጹኣምላኽ ብወገኑ፡ ነብረን ምስ ክሊማ ተኣሳሲሩ ዝኸይድን ብቑዕ ህንጻ ንምስራሕ፡ ዝሕግዝ መጽናዕታዊ ወረቐት'ዩ ኣቕሪቡ። ፕሮፌሰር ግርማ፡ ኤርትራውያን ብሰንኪ ዝተፈላለየ ተጻብኦታት ዓድና ከምዕብል ዕድል'ኳ እንተዘይረኸብና፡ ብሓገዝ ተበጺሑ ዘሎ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ግን ኑቲ ኣብ መስርሕ ህንጻ ካልኦት ዝገበርዎ ጌጋታትን ወጽኣታትን ከይደገምና፡ ምዕቡላት ሃገራት ዝጽሕዎ ሞያ ህንጻ ክንውንኖ ከምንክእል'ዩ ሓቢሩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ዋዕላ ድማ፡ ኤርትራውያን



ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ

ፍልጠትናን ክእለትናን ኣወሃሂድና፡ ሃገርና ከምንዕብል ባይታ ዝፈጥር ስለ ዝኾኑ፡ ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ማእከል ስነዳን ምርምርን ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ብቪድዮን ኣሳእልን ዝተሰነየ



ዶ/ር ተማስገን ተስፋማርያም


ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ንታሪኻዊ፡ ባህላዊ፡ ሃይማኖታዊን ካልእን ዝገልጽ ሰነዳት



ፕሮፌሰር ተጅ ዳሃር

ኣቕሪቡ ኣሎ። ኣቶ ሚከኤል በርሀ ድማ፡ ሓደ ካብቶም ኑቲ ዝቐረበ ምርኢት ንተዓዘብቲ ዝገለጹ ዝበሩ ኣባላት ማእከል ስነዳን ምርምርን ኤርትራ ኮይኑ፡ ዕላማ'ቲ ዘቕረብዎ ምርኢት፡ ኤርትራ ማዕከን ሃብታም ጥንታውን ዘመናውን ታሪኽ ምዃና ንምሕባር ከምዝኾነ ኣረዲኡ። እዞም በብእዋኑ ዝቐርቡ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ድማ፡ መወከሲታቶም ብቐንዱ ኣብ ማእከል ስነዳን ምርምርን ኤርትራ ዘሎ ሰነድ ስለ ዝኾኑ፡ ካልኦት ተመራመርቲ'ውን ክጥቀምሉ ኣዘኻኺሩ።

ጐድኒ ጐድኒ'ቲ ኣህጉራዊ ዋዕላ፡ ኑቲ ረቂቕን ዘደረቂቕን ባህላዊ ውርሻ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኤግዚብሽን፡ ክልተ



ዶ/ር ኤደን ታረቀ

ሰምፖዝዩማት፡ ብፖስተር ዝቐርቡ መጽናዕቲታት፡ ክልተ ኢሂን-ምሂን ዘለዎም ዎርክሾፓትን ዝተፈላለዩ ባህላዊ መደባትን ክቕርቡ ከም መደብ ተታሒዞም ኣለዉ።

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## መዓስ ኢና እነመስግን?

ምስጋና ሓደ ኣካል ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወትና ክኸውን ከምዘለዎ ብዙሓት ሰባት ክዛረቡ ንሰምዕ ኢና። እንተኾነ ሓደ ሰብ ከማስየግን እንተኾይኑ ፈለማ ምረት ጥዒሙ ራህዋ ምስ ዘስተማቕር፣ እንታይነት ምስጋና ብዝያዳ ክርድኦ ከምዝኽእል ዝገልጹ ኣለዉ። ንምኻኑ ሰባት መዓስ እዮም ዝያዳ ካልእ ሃዋህው ከማስየግኑ ዝስምዑ?

ብመሰረት ኣብ ሓደ ጽሑፍ ዝተረኸበ ሓበሬታ፣ ደቂ ሰብ ንኸማስየግኑ ዝዓበየ ድርኺት ዝፈጥሩ ኣሉ ካብ ዝጠቐሶም ሰለስተ ነጥብታት ገለ ክንርኢ።

እዞም ነጥብታት እዚኦቶም ኣገዳሲ መዛርቲን ኣገዳስቲን ኮይኖም፣ ሰባት ገጽ ዓለም ከመይ ከምዝመስል ከፊላዊ ትዕዝብቲን ርድኢትን ንኽህልዎም ዝሕግዙ እዮም። ሰባት ዋላ እኳ ቤታ ዘላትና ክነማስየግን፡ ነታ ዘይብልና ንምርካብ ድማ ክንጽዕርን ከም ዘለና ንፈልጥ እንተኾንና፡ ብዝያዳ ነቲ ዘለና ከነስተውዕሎን ልዑል ምስጋና ከነቕርበሉን ዘዘኻኽሩ ቦታታት ከምዘለዉ ክዝንጋዕ የብሉን። እቶም ቦታታት፡ ቤት ማእሰርቲ፡ ሆስፒታል ከምኡ'ውን ቤት ትምህርቲ እዮም።

ኣስተውዕል! ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ቤት ማሕቡስ ኣትዮም ዝፈልጡ ሰባት ከምዝገልጽዎ፡ ብዙሕ ነገር ተማሂርካ ከም እትወጽእ እዮም ዝረድኡ።



ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝኣተወ በደለኛ፡ ምሉእ ናጽነት ዘይብሉ ከምቃሕታኡ ካብ ናብ ክንቀሳቐስ ዘይክእል፡ ብርሃንን ንፋስን እዛ ምድሪ እኳ ብሰዓታት ክርእየንን ከስተማቕረንን ጥራይ እዩ ዝኽእል። ብዘይካ'ዚ ነዊሕ ሰዓታት ዓቕሊ ገደርካ ግዜ ናይ ምሕላፍ ተመኩሮን ልምድን ዘይብሉ ሰብ ተጸዋርነት ከጥሪ ዝሕተተሉ ቦታ'ውን እዩ። እዚ ምስ ምኳኑ ቀድሚ ናብቲ ቤት ማእሰርቲ ምእታዉ ዝበሮ ደረጃን ተወሂቦን ዘኪሩ ከማስየግን ዝደርኽ ባይታ እዩ። ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ድማ እዩ ሓደ ሰብ ትርጉም ናጽነት እንታይ ምኳኑ ክስወጦ ዝኽእልን ከማስየግን ይኽእል ምንባሩ ክዘክር ዝግደድን።

ሕማም ሓደ ካብቶም ቀንዲ ምኽንያት ምስጋና ደቂ ሰብ ክኸውን ይረኣ እዩ። ሓሚምና ሆስፒታል ኣብ እንኣትወሉ ህሞት ብርግጽ ጥዕና ምሳና ኣይትህሉን ኢያ። ጥዕና ስኢንና ብሕማም ተሳቒና ኣብ ሕክምና ክሱብ ዘይኣተና ኣጉዳሲቲ ብልክዕ ዘይክርደኣና'ውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ድሕሪ ሆስፒታል ምእታውና እቲ ቅድም ሰብ ምሉእ ጥዕና ከለና ክነማስየግን ኣኻእሎ ከምዝበረና ክስቀረና ዘዘኻኽር ስፍራ እዩ። ድሕሪ'ዚ ንዘስዕብ ኣካይዳ ጉዕዞ ህይወትና'ውን እንተኾነ ቤታ ዘላትና ጥዕና ከነማስየግን ከምዘለና መደብ ኣውጺእና ክንዋጽኡ ዘገድድ ሃዋህው ምኳኑ ይጥቀስ።

ቤት ትምህርቲ፡ ትምህርቲ ደኣ ኣየናይ ሓይሊ ሃልዩዎ እዩ ከነማስየግን ንግደደሉ ስፍራ ዝኸውን ንብል ሰባት ኣይንስኣንን ንኸውን ኢና። እንተኾነ ቀድሚ ዝኣገረ ብሰንኪ ዘይምፍላጥካ ኣብ ከቢድ ዓዘቕቲ ክትሸመም ዝለዓለ ተኽእሎ ዝበርካ ግናኸ ሳላ ኣብቲ ዓውዲ ኣፍልጦ ዝጸንሖም ሰባት ክትገላገል ከለኻን/ ወይ ድማ ካብ ሓደገኛ ኩነት ክትድሕን ከለኻ ዝህልዎ ኣጉዳሲቲ ምዝካር ከድልየካ እዩ። ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት'ውን እንተኾነ "ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ኣየድሕነካን እዩ" ዝበል ብሂል ኣሎ። ካልእ እንተተረፈስ ኣዚ ብሂል ተረዲኡካ ትምህርቲ ዝቐሰምካ ክትከውን ከለኻ ከተማስየግን ከምዝኾንካ ዘክር። እዚ ሪብሓ ድማ ካብ ቤት ትምህርቲ ጥራይ ክትረኽቦ ከምእትኽእል ኣይትዘንግዕ። ቤት ትምህርቲ ብዘይምኻድካ ዋላ'ኳ፡ "ካብ ምህሮ ኣእምሮ" ዝበል ምስላ እመሓላ፡ መሃይምነት ግን ወትሩ ምሳኻ'ዩ። በዚ መንገዲ ድማ ወትሩ ናይቶም ኣብ ዘርያኻ ህይወቶም ብቐልል ዝበለ መገዲ ዘሰዑ ተማሃሮ ክትከውን ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ክንዲ ተማሃሮ ናይቶም ብሞያዊ ትምህርቶም ነገራት ብቐሊሉ ከሰላስሉ ዝኽእሉ ሰባት እትኾነሉ ካብ ሕጂ ጀሚርካ ንጣዝብ ጉርሒ ከድልየካ'ዩ። በዚ ድማ እዩ ኣርሒቕካ ናይ ምሕሳብ ልምዲ ክህልወካ ክትመሃር ትሕተት ዘለኻ።

## ኣብ ህይወት ኣተኩሮ ክትገብረለን ዘለካ ነጥብታት

1. ኣታ ንህይወት ብዝሰፋ ዓያይነት ክትሓልፉ እትጽዕር፡ ክብረትካ ዝውሕሰሉ ቦታ ኣለሰ። ኣብ ህይወትካ እቲ ናይ ብሓቂ ዘገደስ እንታይ እዩ? እዚ ምስ ፈለጥካ ኩሉ ግዜ እትወሰኖም ውሳኔታት ንክብሪካ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእትዉ ክኾኑ እዮም።

2. ንጹርን ክብጻሕ ዝኽእልን ዕላማታት ኣቐምጥ። ኣብ ህይወትካ እንታይ ኢኻ ክትጭብጦ ደሊኻ ዘለኻ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እንታይ ከም እትደሊ ምስ ፈለጥካ ኢኻ ንሱ ንምዕዋት ዘኽእል መደብ ክትሕንጽጽ ትኽእል።



3. ብኣካልን ብኣእምሮን ንኡስኻ ተኸናኸኖ። ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ኣዘውትር። ምንቅስቓስ ኣካላት ምግባር እኹል ድቃስ ምድቃስን ኣብ ህይወትካ ንዘፍጠር ወጥሪ ኣብ ምንካይ ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለ ዘለዎም ልማድካ ይኹኑ።

4. ብእወንታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ተኸበብ። እቶም ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ ሰባት፡ ኣብ ጸቡቕን ሕማቕን ኩነታት ህይወትካ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎም። ስለዚ ኣብ ጉዕዞ ህይወትካ መኻይድኻ ኣጽብቕ።

5. ኣብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ህሞት ንበር። ዝሓለፈ ስግኣትካ ወይ ብዛዕባ መጻኢ ክንጥመካ ዝኽእል ውድቀት ኣይትጨነቐ። ኣብ ህሉው ህሞት ኣተኩር እሞ ብዝበለጸ ተጠቐመሉ። ዓለም ንድሕሪት ኣይትመለሰካን ንቕድሚት'ውን ኣይተሰጉመካን። ኩሉ ኣብ ጉዳእ ርእሰኻ ብዘስራሕ ኣተኩሮን ርድኢትን እዩ ዝልካዕ።

6. በቲ ዘለካ ኣማስየግ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ገለ ግዜ ወሲድካ ነቲ ኣብ ህይወትካ ዘሎ ጸቡቕ ነገራት ኣስተብህል። ምስጋና ኣብ እወንታዊ ነገራት ከተተኩርን ከም ጸቕጥን ጭንቀትን ዝኣመሰሉ ዘይእወንታዊ ስምዒታት ከተጉድልን ክሕግዘካ እዩ።

7. ንሰባት ሓግዝ። ንኻልኦት ምሕጋዝ ጸቡቕ ስምዒት ክህበካ እዩ። ብዙሓት ሰባት ስለ ዝሓገዝካ ኩሎም ይመልሱልካ ማለት ግን ኣይኮነን። እዚ ምኻኑ ተረዲእካ ንስለ ጸቡቕ ሰባት ሓጊዝካ ካብ ምብርካት ኣይትተሓለል። ኣብ መወዳእታ ከምዚ ብምግባርካ ማንም ክልግሰልካ ዘይክእል ሕልናዊ ዕግበት ከምዝህልወካ ኣይትጠራጠር።

### ንልቦና

"ንዝሓልሙ ሰባት ህይወት ቀሊል ኣይኮነትን።" - **ሮበርት ጀም**

"ሓደ ሰብ በቲ ንኡብሱ ዝሓሰቦ ነገራት'ዩ ጽሕፍቶኡ ዝውሰን።" - **ሶቅራጦስ**

"ንድሕሪት ገጽካ ኣይትጠምት፣ እንተዘይኮነ ናብኡ ክትከይድ'ዩ ሓሳብካ።" - **ፕላቶ**

"ምሕላም እንተ ኣቋሪጽካ ምንባር'ውን ከተቋርጽ ኢኻ።" - **ማልኮልም ኤክስ**

"ውድቀት፡ ዓወት እዩ። እዚ ግና ካብኡ እንተ ተማሂርና እዩ።" - **ኤም ጂ ከይ**

"ጸልማት ንጸልማት ኣየውጽኦን'ዩ ብርሃን እንተዘይኮይኑ፡ ጽልኢ ንጽልኢ ድማ ኣየውጽኦን'ዩ ፍቕሪ እንተ ዘይኮይኑ።" - **ማርቲን ሉተር ኪንግ**

"ዝኾነ ሰብ ብቐሊሉ ጉድኣት ከውርድ ይኽእል'ዩ ዝኾነ ሰብ ግን ጸቡቕ ክንብር ዝኽእል ኣይኮነን።" - **ፕላቶ**

## ከምዚ'ውን ኣሎ

"ኣብ ቻይና ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ 16 ትካላት ተቖጺራ ወርሓዊ ደሞዝ ንኸኸታታሊ ሰለስተ ዓመት ተኸፊላ" ዝብል ዜና ክትሰምዕ መቸም፡ ከመይ ዝበለት 'ተወለ' ደኣ ኮይና፡ ኣብ 16 ቦታ ስራሕ ብንጥፈት ሰራሓ ደሞዝ ክትረኽብ ዝኸኣለት? ንማዚኣኸ ብኸመይ ተመሓደሮ፡ ከመይ ዝበለ ስራሕከ ክኸውን ይኽእል? ዝብል ሕቶታት ክለዓል ግድን ይኸውን።

እታ ቺዋን ዩ ዝተባህለት ሰራሕተኛ፡ ኣብ 16 ትካላት ከም ሰራሕተኛ እያ ተቖጺራ። እንተኾነ ሓንሳብ ናብቲ ቦታ ስራሕ ክትቀጻር ምስ ከደት ፈጺማ ክትሰርሕ ናብቲ ትካል ተመሊሳ ኣይትፈልጥን። ብዘይካ ደሞዝ ክትወስድ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ በቲ ትካል ከም ሰራሕተኛ ኣብ ዝተቖጸረትሉ እዋን ቃለ-መሕተት እናካየደት እንከላ፡ ብመገዲ ብዓል ቤታ ብሞባይል ቀረጻ እያ ንቤታ ትማልእ። በዚ መገዲ ኣቢላ ድማ ናብ ኣካል ፋይናንስ እቲ ትካል ብምኻድ ኣብል'ቲ ትካል ምኻና፡ ወርሓዊ ደሞዝ ክትወስድ ድማ ከም መረጋገጺ ነቲ ዝበረቶ ቃለ-መሕተት ተቐርቢሉም ምንባራ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ክፍለጥ ተኻኢሉ። እዛ ቻይናዊት፡ በዚ ዝፈጸመቶ ገበን ምድንጋር ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ትርከብ ዘላ ኮይና፡ ካብ 16 ትካላት ክሲ ተመስሪቱላ ኣሎ። ብዓል ቤታ'ውን ተሓባባራይ ተባሂሉ ተኸሲሱ ይርከብ።



## ኣደነቕቲ ሓቅታት

- ኣቡሰለማ (ዶልፊን)ን ዓሳ ነባሪን እቶም እንኮ መጥበውቲ ኣብ ማያዊ ኣካል ዝነብሩ እንስሳታት ኮይኖም፡ ኣብ ማይ እናነብሩ ማይ ዘይሰትዩ ፍጡራት እዮም።
- ዳይዛንያ (Dysania) ዝበሃል እቲ ሓንሳብ ኣብ ዓራት ምስደቀስካ ፍጹም ብቐሊሉ ክትትንስእ ዘየኽእል ሕማም ምኻኑኸ ትፈልጡዶ? እዚ ማለት ሰባት እብ ዓራቶም ተረፎም ዝኾነ ናይ ምብርባር ምልክታት ከየርኣዩ ኣብ መደቀሶም ተሰጢሖም ክውዕሉ ደሊዮታት ዝቕስቅስ ተርእዮ እዩ።
- መዓልታዊ ንኣስታት 30 ደቒቕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘዘውትሩ ሰባት፡ ካብቶም ዘይንቀሳቐሱ መጠን ብልሒ ኣእምሮኦም ብ10% ዝለዓለ እዩ።
- ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ 'ጉድ ባይ' (good bye) ዝብል ቃል ካብቲ "ኣምላኽ ምሳኻ ይኹን" (God be with you) ዝብል ዝመጸ ምኻኑ ይዝረበሉ።
- ንሓደ ሰብ "ኣፍቅረካ'የ" ክትብሎ እንከለኻ፡ "ሓንሳብን ንሓዋሩን ነዚ ንስኻ ኩይንካዮ ዘለኻ ሰብ ተቐቢለዮ ኣለኹ። ነቲ ዘለኻን ዘለኻዮን ኩነት'ውን ፈጺመ ክቕይሮ ኣይደልን" ዝብል ትርጉም ኣለዎ።
- 75% ደቂ-ኣንስትዮ፡ መልሱ ኣቐዲመን ንዝፈልጥኦ ሕቶ ደጊመን ክሓታ ይረኣያ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ነገራት ኣዳቒቐንን ኣጸቢቐንን ንምርዳእ ከምኡ'ውን እቲ ልክዕ ሓበሬታ ከይስሕተኦ ካብ ዝመጣጠሰኦ ስግኣት እዩ።
- ኣብዚ እዋን'ዚ 80% ሰባት መልእኽቲ ብሞባይል ክሰዱ ከለዉ፡ ዘለውዎ ሃለዋት ኣብ ጸንከር ኩነት ዘለዉ ኣምሰሉም እዮም ዝኾኑ።
- 86% ህዝቢ ዓለም ካብ ግዚያዊ ወጥሪን ጭንቀትን ንምንጋፍ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ መዘናግዒታት መዚቃ ምስማዕ ይመርጽ።
- ዝበዝሑ ሰባት፡ ካልኦት ብዛዕባ ሓደ ነገር ስለ ዝሰሓቑ ጥራይ፡ እንታይነት እቲ ነገር ከይተረደኦም ምስኦም ክስሕቁ ይረኣዩ።



# ዝናር ጥበባት ማእከል ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት

ኣብ ዕቤት ስነ-ጥበብ ሃገርና እጃማ ኣብ ምግባር እትሰርሕ ብምምሕዳር ዞባ ማእከል እናተዳለወት እትቐርብ ዝናር ጥበባት ማእከል፡ ከም ናይ ወትሩ ዕማማ ሰሉስ 24 ታሕሳስ 2024 ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምስ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ማእከል ብምትሕብባር ምዕሩግን መሳጥን ባህላዊ ማሳደድኢ ብምድላው ምስትምቓር ዝዕድም መደብ ኣቕሪባ።

እቲ ኣብ ክሊ ዕድመ 15 ክሳብ 18 ዝርከቡ ካብ ኩለን ፈደረሽናት ዝተዋጽኡ ዕውታት መንእሰያት ስፖርተኛታትን ማሕበረሰብ ስፖርትን ናይ ክብሪ ዕዱማት ዝበረ መደብ፡ ዝተፈላለየ ባህላዊ ትሕዝቶ ደርፍታት፡ ግጥምታትን ድራማን ዝሓቘፈ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ካብ ኩለን ፈደረሽናት ዝተሓርዩ ኣኣርባዕተ ዕውታት ተኻእቲ መንእሰያት ስፖርተኛታት ናይ ምትብባዕ ኣፍልጦ ምሃብ ዘኽተተ ድማ ነይሩ።

እቲ መደብ ከም ወትሩ ብዘኽሪ ሰማእታት ምስጀመረ፡ መኽፈቲ ቃል ንኽሰምዕ ዝተዓደመ ሓላፊ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስመሮም ጼጋብርሃን እዩ። ኣቶ ኣስመሮም፡ ዝናር ጥበባት ማእከል፡ ብዘይካ'ቲ ንምዝንጋዕ ዝዓለመ መደባ ኣብ ምምዕባል ስነ-ጥበብ ሃገርናን ኣብ ምውርራስ ባህላዊ ወርሻታትናን እትጻወቶ ዓብዪ ተራ ክዝንጋዕ ከም ዘይብሉ ብምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብሓፈሻ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን እዚ ዞባ ድማ ብፍላይ ናብ ንኡሳን ዞባታትን ከማትን ብምውራድ ኣብ ምኽስኻስ ሃገራዊ ባህሊ፡ ምዕቃብ ወርሻታትን ምዕባይ ስፖርታዊ ንጥፈታትን ኣብርቲዑ ክሰርሕ ከም መደብ ሒዚዎ ከም ዘሎ ኣብሪሁ። ካብ'ዚ ሓድሽ ዓመት ኣትሒዙ ኣብርቲዑ ክሰርሓሉ ምዃኑ ድማ ገሊጹ። ስፖርት ኮነ ስነ-ጥበብ ብዘሳትፎ መላእ ሕብረተሰብ ደኣ'ምበር ብናይ ውልቂ ድሌት፡ ተበግሶን ጻዕርን ጥራይ ክዓቢ ዘኽእል ዓውድታት ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወታት ንምዕቃብን ናብ ዝበረኸ ደረጃ ንምብጻሑን ተሳትፎ መላእ ሕብረተሰብ ክዕቢ ከም ዘዮቦኦ ኣዘኻኺሩ።

ቀጺሉ ኣቶ ኣስመሮም፡ እዚ መደብ እዚ ክውን ኮይኑ ብዓወት ንምኽያዱ ካብ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ጀሚርካ ንኹሉም መሳርኹቲ፡ ተሓባበርትን ነቲ መደብ ንምምዕራግ ዝሰርሑ ኩሎም ስነ-ጥበበኛታትን ኣለይቶምን ብምምስጋን ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት ዘለዎ ሰናይ ምኞት ገሊጹ።

ብድሕሪ'ዚ ዝቐጸለ ብመንእሰያት ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ዞባን ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ማእከልን ዝቐለሰ ብህያው መዚቃ(ላይቭ) ዝተመርሐ ንሰምዒት ተዓዚቡ ቀስቃሲ ጸቡቕ ግበረ መልሲ ዝረኸበ ባህላዊ ምርኢት እዩ ነይሩ። ህያው መዚቃ ማዕረ ክንደይ ብልጫታት ኣለዎ፡ ኣብ ተሰማዕነትን መሳጥነትን ብግሉጽ ዝተራእየሉ እዚ መደብ፡ መዚቀኛታት ዓቕምታቶም ብዝዋዕኡ ፈሊጦም ተመኪሮኦም ከዕብዩን ደምጻውያን ድማ ኣብ ቀጻሊ ልምምድ ተጸሚዶም ንዚያዳ ዝበለጸ ወጽኢት ክጽዕሩን ደርኺት ዝፈጥር እዩ። ኣብ ርእሲኡ'ውን መድረኽ ብዘተፈላለየ መሳርሒ መዚቃ ዝጻወቱ መዚቀኛታት ምልእ እንክትብል፡ ዝህልዎ መዓርግ ዝለዓለ እዩ። ኣብ'ዚ መዳይ እዚ ዝናር ጥበባት ዘዙብሮ ዘሎ ጻዕርን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዘምጽኦ ዘሎ ምምሕያሻትን ክምስገን ዝዮብኦ እዩ። መድረኻት ሃገርና ካብ ኣብ ስቱድዮ ብዝተመልኡ ደርፍታት(ፕለይባክ) ተኣጊሎም ናብ'ቲ ቀድሚ ሕጂ ዝዋሕ እዋናት ዝለመድዎ ህያው መዚቃ ክምለሱ ዘተባብዕ ብምዃኑ ድማ ኩሉ ስነ-ጥበበኛ ክሰዕቦ ዝዮብኦ ሰናይ ተበግሶ እዩ።

ጉጅለ ባህሊ ዞባን ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ማእከልን ነቲ መደብ ከም መኽፈቲ ዝሓረይዋ 'ሓድሽ ዓመት' ዘርእስታ ወርይቲ ደርፊ ስነ-ጥበበኛ ግዴዎን በራኺ እያ ነይራ፥ ብኽልተ ኣንጻር ጾታ መንእሰያት ደምጻውያን ክበል ከሊፉን ፈሸን ሃይለን ተደሪፋ። ብምቕጻል፡ 'ናርደ' ዘርእስታ ደርፊ ማሕሙድ ኣሕመድ ቛንቋ ሳሆ ብመንእሰይ ደምጻዊ መሓር ኢብራሂም ቀሪባ። ድሕሪ'ዚ እቲ መደብ ናብ ግጥሚ እዩ ሰጊሩ። ዝናር ጥበባት ማእከል ካብ እትጅምር እንትርፎ ኣብ ውሑዳት መደባታ ክሳብ ሕጂ ምስኣ ዝነሰ ዘሎ ስነ-ጥበበኛ ማቴዎስ ኣብርሃ (ባርያ)፡ ዘይትከም'ቲ ኩሉ ግዜ ዘቕርቦ ኑቲ መደብ ዝምልከት ሓድሽ ግጥሚ፡ ኣብ'ዚ መደብ እዚ ካብ'ታ ኣብ 2020 ዝሕተማ ብርኩታ ዘርእስታ ናይ ግጥሚ መጽሓፉ 'ካለንደር' እትብል ግጥሚ ሓዚ'ዩ ቀሪቡ። ብድሕሪ እዛ ግጥሚ ደምጻዊት ሳራ ተኽለሰንበት ብቛንቋ ብሊን 'ሳንደኩንኪ' ብእትብል ደርፋ መድረኽ ተቖጻጺራቶ፥ ብኣሉይነት ስነ-ጥበበኛ ካሕሳይ ጉብረህይወት ዝተመርሐ ተለሃይቲ ድማ ንኣዳራሽ ዞባ ማእከል ወዒ ብዘመልእ ሳዕስዒቶም መቐት ወሰኹሉ ማዕረ ማዕረኡ፥ ጣቕዒትን ፋጻን ተዓዚቡ፡ ነቲ ዝበረ ፍሰሃ ዝመልኦ ጥበብ ጥበብ ዝሾትት ሃዋህው ባህታ ኣሰሲሉ። ደርፊ ቛንቋ ትግራይት 'ሸለል' ብደምጻዊ ሰዒድ ዑመር ከምኡ'ውን ባህላዊት ደርፊ ትግርኛ 'ሙናየ' ብደምጻዊት ኣኽበረት ኣብዶም ብትልሂት ተሰንዮን ምስ ቀረባ ድማ ተመዛሪት ደሊና ኣረጋት ብወ/ሮ ብርኽቲ ኣብርሃም ዝተጻሕፈት 'ናትካ'ዩ እዚ ዘመን' ዘርእስታ ግጥሚ ሓዚ ብምቕራብ ኑቲ መድረኽ መቐረት ወሰኸትሉ።

ብስነ-ጥበበኛ የማን ተኽስተ ተደሪሳን ተኣልያን ብጉጅለ ተዋሳእቲ ኩብንያ ህንጻ ሳዋ ዝቐረበት 'መርዓት' ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዳለወት ኣካል እቲ መደብ ዝኾነት ድራማ፡ ብወትሩ ልናዊ ኣገባብ ዝቐረበት፡ ንምዕቃብ ልኡላውነትን ምውሓስ ሃገራዊ ድሕነትን ዝተሓልፈ መስገደላት፡ ብህላዊ ኣገባብ እተዘንቱ ድራማ ኮይና፡ ብዝዓዘበቲ ጸቡቕ ተቐባልነት ረኺባ። 'ሚ ትተምጌ ቴልኩኒ' እትብል ብቛንቋ ትግራይት ተዳልያ ብስነ-ጥበበኛ መሓመድ መሓመድ ዓሊ ዳፍላ ዝቐረበት ግጥሚ፡ ንድራማ ሰዒባ ዝቐረበት ትሕዝቶ መደብ ዝናር ጥበባት ማእከል እያ ነይራ። ብድሕሪ'ዚ ደምጻዊ ኣብርሃም ተወልደ 'ተስፉ' እትብል ደርፊ ሓዚ ናብ መድረኽ ብዝተቐልቀለ ብኽእለትን ቅድን ተለሃይቲ ተማሪኾም ዝጸንሑ ዕዱማት ወናም ከወጽኦ፥ ንደምጻዊ ጽንብር ብዝማል ተሃናም እናራገፉ ግርማ እቲ ኣዳራሽ ኮልዕዎ። ኣሰር ኣብርሃም ተኸቲሉ ዝመጸ ደምጻዊ ብዘረ ኩናማ መንእሰይ ማሲ ፍሊፖ ምስ ባህላዊ ትልሂት ብዘረ ኩናማ ብምውህሃድ ሰቐጥቀጥ በሎ። እቲ ሕብረ ብዙሓዊ መደብ ሕጂ'ውን ደርፊ ብዘረ ትግረ ደምጻዊ ኢብራሂም ዓሊ (ወዲ ጎረት) ሓዚ ዝቐረበ ደምጻዊ ሰዒድ ያሲን ብስዕስዒት ተዓዚቡ ተሰንዩ ብዮኑም ኣይደራርፋን ልዑል ኣደናቖትን ትሕዝቶኡ ኣቕሪቡ መድረኽ ንኤደን ተኸሊት ኣረኪብዋ ተኣልዩ። 'ደቕረ' እትብል ህድእቲ ደርፊ ሓዚ ዝቐረበት ደምጻዊት ኤደን ተዓዛብዩ ልቢ ሂቡ ከቕልቦ ዘለዎ ደርፋ ብኣስተንትኖን ልዑል ርጋእትን መልእኽታ ኣመሓላሊፋ መድረኽ ተፋነወት። ቀጺሉ ብውዑይ ጓይላ መናድቕ ኣዳራሽ ዞባ ዘንቀሳቐሰ ደምጻዊ ፍረዝጊ ኪዳን 'ሪጽሚ' እትብል ደርፊ ማሰፍን ተሰፉገርግሽ (ማዕበል) ሓዚ ብምቕራብ ኑቲ ኣብ ኣጋ ፍጻመ በጺሑ ዝበረ መደብ መቐት ወሰኸሉ።

'ስፖርት' እትብል ንጥቕምን ኩሉ መዲያዊ መኽሰባትን ስፖርት ብዕሙቕ ዝበለን መሳጢ ኣገባብን ክትገልጽ ዝፈተነት ግጥሚ ብኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ዝኾነ ሓላፊ ጥበባትን ፈስቲቫላትን ዞባ ማእከል ስነ-ጥበበኛ መለስ ንጉሰ ምስ ቀረበት ድማ ብደምጻውያን ኣብርሃም ተወልደን ፍረዝወት በሪሁን 'ስፖርት ይንገስ' እትብል ብዘመናዊ መዚቃ ተወሃሂዳ ዝተዳለወት ጣዕመ ዜማ ኑቲ ክሳብ ሕጂ ተጨቢጡ ዘሎ ስፖርታዊ ዓወታት ብዘምጥን ውዕወዕ ኣገባብ ክንልቲኣቶም ደምጻውያን ንስፖርት ብዘወክል ኣለባብሳ ኣካል እቲ መደብ ኮይና ናብ ህዝቢ ቀሪባ።

ኣብ ምዝዛም እቲ ንኣስታት ክልተ ሰዓትን ፈረቓ፡ ዝቐጸለ መደብ ካብ ኩለን ፈደረሽናት ተመሪጾም ዝቐረቡ 18 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 36 ብሉጻት መንእሰያት ስፖርተኛታት ካብ ኣድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ናይ ኣፍልጦ ሰርተፍኬት ተዓዲሎም። ከም መዕጸዊ መደብ ድማ ኮምሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ናይ ምስጋናን ሰናይ ምኞትን ቃል ኣሰሚዑ። ኣምባሳደር ዘመደ ኣብ መግለጺኡ ዓመተ 2024 ብፍላይ ኣብ ስፖርት ንመዋእል እናተዘከረት ክትንበር እትኽእል ኣገዳሲ ብሉጻትን ዓበይትን ዓወታት ዝተጎናጸፍናላ ዓመት ምዃና ብምግላጽ እዚ ዓወት እዚ ክበጽሕ ከም ዝኽእል ብዘረጋገጽናሉ ደረጃ ካብ'ዚ ዝዓበየን ብኹሉ መዳያቱ ኣዝዩ ዝበለጸን ካልእ ዓወታት ክንመዝግብ ተኽእሎታት ከም ዘሎ'ውን ዘረጋገጸሉ ኣጋጣሚ እዩ ብምባል ንኹሎም እዚ ክሳብ ሕጂ ተጨቢጡ ዘሎ ዓወት ክንውንን ዝሰርሑ ስፖርተኛታት፡ ኣሰልጠንቲ ስድራ-ቤታትን ብምምስጋን የውሃና ኢሉ። ዓበይቲ ዓለምለኻውያን ዓወታት ምጉንጻፍን ምስትምቓርን ጀሚርናዮን ለሚድናዮን ኣለና'ሞ ኣብ ቀጻሊ ድማ ከምኡ ዝመሰለን ካብኡ ዝዓበየን ዓወታት ንምጭባጥ ሓበርና ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ይላቦ ብምባል ኣብ ሓድሽ ዓመት ዘለዎ ሰናይ ምኞቱ ገሊጹ ቃሉ ዛዚሙ። በዚ ከቢድን ሓላፍነት ኣሰኪሙ ንኹሉ ናብ ስራሕ ዝጸምድን ቃል ዝተሰነየ መደብ ዝናር ጥበባት ማእከል ድማ ኣብ ዝቐጸለ መደብ የራኽበና ብዝሰምዕ ቃና ሃገራዊ መዝሙር ብኹሉ ኣብ'ቲ ኣዳራሽ ዝበረ ሓፋሽ ብምዝማር መጋረጃኡ ዓጸወ።

ማቴዎስ ኣብርሃ (ባርያ)
ኣስመራ ኤርትራ







## ሎሚ ኣብ ERI–TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:35 | ፊዮሪና |
| 10:35 | መደብ ብምኽንያት ሓዲሽ ዓመት - ሪም ጣንድ 2ይ ክፋል |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 13:40 | ቀስተ-ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | ዶክመንት |
| 18:40 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሰት ተም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | መደብ ይካኣል'ዩ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Project Engineer – Mechanical Project Engineer
Number required – (01)
Type of contract – definite (18 months)

Major Duties and responsibilities

- Ensure the project is technically fit for purpose from a mechanical engineering perspective and meets the design and statutory requirements.
- To provide input to mechanical engineering packages for project governance.
- To oversee contractor installation as well as commissioning for plant readiness for startup operations.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Identify and quantify project needs for a greenfield concentrator implementation and assist in ensuring implementation of detailed mechanical specifications for the project.
- Provide input and recommendations for project mechanical designs.
- Review and evaluate contractor designs for mechanical packages.
- Co-ordinate material deliveries and installations ensure all materials on hand match the plan and specifications.
- Maintain and update project mechanical SOW and preconstruction documentations.
- Prepare, schedule and supervise inspections of all mechanical installations.
- Report on project mechanical engineering technical scope performance against the baseline plan.
- Review and approve 3rd party mechanical engineering content as required.
- Ensure that 3rd party mechanical engineering contractors adhere to the overall project quality plan.
- Check installation on all aspects and co-ordinate commissioning in conjunction with commissioning team.
- Assist in Quality control and commissioning of equipment and complete all relevant documentation for hand over
- Assist in Quality control and commissioning of equipment and complete all relevant documentation for hand over.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- BSc or BTech in Mechanical or Industrial Engineering.

Working Experience – Nature & Length

- A minimum of 15 years' experience in mineral processing or metallurgical plant design/operations.
- A minimum of 5 years' experience on project implementation preferably for mineral process operations.
- A minimum 5 years' experience in plant construction and commissioning preferably in a base metal or copper concentrator environment.

Technical Skills

- Experience with AutoCAD and 3D modelling software is considered an asset.

Behavioral Skills

- Ability to manage one's own activities on or ahead of schedule and on or below budget.
- Ability to prepare and deliver oral and written presentations for study and project reports.
- Excellent communication, interpersonal and presentation skills.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: definite Period (18 month)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

ብሽም ዓብደልቃድር ኢብራሂም ጣህር ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00042835 ዝኾኑ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና መራፊት ቑ.ገዛ 10 ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካሊይ ንኣቶ ቴድሮስ ኣስመላሽ ጉብረማርያም ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ደብርመላሳ ቑ. ገዛ 85 ካብ ዕለት 30/11/2024 ክሳብ ዕለት 30/11/2026 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፤ ስልጣን ዝሓዘ ቤት ፍርዲ ተቓዊሙ የቕርብ፥ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ዓብደልቃድር ኢብራሂም ጣህር

ብሽም ብርሃነ ደብሩ ብመወከሲ ቑጽሪ 3/002410 ብምም/ዞባ ማእከል ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል 2 ቀዋሚ ዘርያ ፕሎት 284 ፓርሰል G ዚፕ ኮድ 1B7665 ስፍሓት መሬት 252 ት/ሜ ናይ ዝተመርሓሉ ሰድ ምርሒት መሬት ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሓዘዮ ዝብል እንተልዩ፥ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፥ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07397198 ክሕብረኒ፥ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወኪል ኣቶ ጸጋዬ ጉብረጻድቕ ጉብረሚካኤል

## Notice

Notice is hereby given to the public that **NISRI** private limited company is formed among the following members:

**A.** Name | Nationality | Address | Shares

| Name | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|
| 1. Mrs. Asmeret Emahatsion G/maryam | Eritrean | Asmara | 25 |
| 2. Mr. Bereket Amauel Mihreteab | Eritrean | Asmara | 25 |
| 3. Mrs. Betiel Abel Habtemariam | Eritrean | Asmara | 25 |
| 4. Mr. Evenezer Samson Tekeste | Eritrean | Asmara | 25 |

Total shares 100

B. Head office of the company will be in Asmara Eritrea and branch offices may be opened within or outside the country.

**C.** The company has a share capital of Nakfa 400,000.00 (four hundred thousand) at a par value Nakfa 4,000 (four thousand) each subscribed and fully paid up in cash.

**D.** The objective of the company is to engage in:

1. IT and PC solutions, and E – business,
2. language schools, training center, kindergarten, day care activities, correspondence / distance learning, and research and consultancy,
3. sales of jewelry, cosmetics and readymade goods,
4. wholesale and retail of medical equipments, pharmaceutical products, and other different goods, equipments and materials,
5. publishing, printing, photography, recording, media and film production,
6. entertainment, gaming and movie store,
7. event planning,
